NIDOS

jeugdbescherming voor vluchtelingen

# እንቋዕ ሓጐሰካ፣ መንበሪ ፍቓድ ተዋሂብካ!

ሕጂ ምጥርናፍ ስድራ ቤት ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። እቲ ምጥርናፍ ስድራ ቤት ንኽግበረልካ ዝሕግዘካ ሰብ (ኮንታክትፐርሶን) ብዛዕባ እቲ መስርሕ ንምምይያጥ ምሳኻ ቈጸራ ክገብር እዩ። ክንሕግዘካ ተዳሊና ኣለና!

## ምጥርናፍ ስድራቤት እንታይ እዩ?



ምጥርናፍ ስድራ ቤት ንስድራቤትካ ናብ ነዘርላንድ ከተምጽኦም ዘኽእል ሕጋዊ መስርሕ ኢዩ። ኣብ ነዘርላንድ ነቲ ምጥርናፍ ስድራ ቤት ንክግበረልካ ተቐርቦ ሕቶ ዝውስን ቤት ጽሕፈት ኢሚግረሽንን ዜግነትን (ብሓጺሩ IND) እዩ። ስለዚ እቲ ብዛዕባ ስድራቤትካ ተቐርቦ ሕቶ ን ወለድኻን ን ትሕቲ ዕድመ ኣሕዋትካን ዝምልከት እዩ። ንልዕሊ ዕድመ ዝኾኑ ኣሕዋትን ኣሓትን ከምኡ'ውን ንኻልኦት ኣባላት ስድራቤትን IND ዝያዳ ሕቶታትን መምዘኒ ነጥብታትን ይሓትት እዩ። ምጥርናፍ ስድራ ቤት ንኽግበረልካ ምስ ትሓትት IND ኣወንታዊ ውሳነ ክህ በካ እዩ ማለት ግን ኣይኮነን ።

## መስርሕ ምጥርናፍ ስድራ-ቤት ክንደይ ግዜ ይወስድ?

ስድራቤትካ ብእተኻእለ መጠን ቀልጢ ፎም ናብ ነዘርላንድ ክመጹልካ ትደሊ ኢኻ። ንሓድሕድኩም ትነፋፈቑ ኢኹም፣ ነዚ ድማ ንሕና ኣጸቢቕና ንርድኦ ኢና። እቲ ናይ IND መስርሕ ኣዝዩ ነዊሕ ግዜ እዩ ዝወስድ። ነዚ ኽትፈልጦን ንስድራ ቤትካ ድማ ክትነግሮምን ኣገዳሲ እዩ። ንስድራ ቤትካ ፣ እቲ ናይ ምጥርናፍ ስድራ ቤት ሕቶ ካብ ዘ ቐረብካሉ ዕለት፣ ካብ IND ዝኾነ መልሲ ክሳብ ዝመጾም ክልተዓመት ክወስድ ከም ዝኽእል ንገሮም። እዚ ዓብዪ ጓሂ ክፈጥር ዝኽእል እኳ እንተኾነ ከተቀላጥፎ ግን ኣይከኣልን እዩ ። ኒዶስ እንተኾነ`ውን ከቀላጥፎ ኣይክእልን እዩ።



## ክሳዕ ሽው እንታይ ክትገብር ትኽእል?

ብዛዕባ መጻኢኻ ክትዓዪ ኣገዳሲ እዩ። ብዛዕባ እቲ መስርሕ ድማ ብዙሕ ክትሓስብ የብልካን፣ ምኽንያቱ ሓሳብን ምጽባይን ካብ ዕላማታትካ ከርሕቖካ ይኽእል እዩ። ህይወትካ ኣብዚ ኽትሃንጽ ስለ ዝደለኻ ኢኻ ናብ ነዘርላንድ መጺእካ ዘለኻ። ኒዶስ ኣብ እዋን እቲ መስርሕ ምሳኻ ብሓባር ክሰርሕ እዩ።

## ኒዶስ ንምጥርናፍ ስድራቤት ብዝምልከት ብልክዕ እንታይ እዩ ዚገብር?

- ኒዶስ ንሕቶኻ ናብ IND ይ ሰዶ።
- ኒዶስ ንቕዳሓት ናይ ሰነዳትኩም ንኽትርጎሙ ናብ ዝትርጉሙ ትካላት ይልእኾም።
- ኒዶስ ንትሕቲ ዕድመ ዘለዉ ኣሕዋትካን ኣሓትካን ንሕቶ ምጥርናፍ ስድራ ቤት ዝኽፈል ገንዘብ ይኸፍለሎም።
- ኒዶስ ምስ IND ንዝግበሩ ርክባት የካይድ።
- ኒዶስ ነቶም ቀንዲ (ኦሪጂናል) ሰነዳትኩም ንኽምርመሩ ናብ IND ይሰዶም።
- ሓድሽ ዜና እንተልዩ ኒዶስ ምሳኻ ይራኸብ።
- ስድራቤትካ ቪዛ ውሰዱ እንተ ተባሂሎም ኒዶስ ኣብ ኤምባሲ ቈጸራ ይገብረሎም።

## ኒዶስ ምእንቲ ክሕግዘኩም ስድራቤትካ እንታይ ክገብሩ ኣለዎም?

- ስድራቤትካ ሰነዳት ይእክቡ። ኣየኖት ሰነዳት? ብዛዕባ'ዚ ምስቲ ኣብ ምጥርናፍ ስድራ ቤት ዝተሓጋገዘካ ሰብ (ኮንታክትፐርሶን) ክትመያየጡ ኢኹም። ብዘይካ'ዚ ኒዶስ ኣየኖት ሰነዳት ከም ዘድልዩ ዝሕብር ኣብነታት ዝሓዘ ሰነድ ክህበካ እዩ።
- ስድራቤትካ ፈለማ ስእሊ ወይ ቅዳሕ ናይቶም ሰነዳት ይልእኩ፣ ብድሕሪኡ ነቶም ቀንዲ (ኦሪጂናል) ሰነዳት ናብ ነዘርላንድ ይልእክዎም።
- ስድራቤትካ ነቶም ልዕሊ ዕድመ ዝኮኑ ኣሕዋትካን ኣሓትካን ብዝምልከት ንምጥርናፍ ስድራ ቤት ዝኽፈል ገንዘብ ይኸፍሉ።

## ኒዶስ ዘይገብሮም ነገራት!

- ኒዶስ ንናይ ሓሶት ሰነዳት ተሓታቲ ኣይኰነን።
- ኒዶስ ንልዕሊ ዕድመ ኣሕዋትን ኣሓትን ከምኡ'ውን ንኻልኦት ኣባላት ስድራቤትን ገንዘብ ኣይከፍልን እዩ።
- ኒዶስ ናይ ኣየር ትኬት ኣይከፍልን ኢዩ።
- ኒዶስ ኣብቲ IND መልሲ ክህበካ ዝወስዶ ግዜ ምንም ጽልዋ የብሉን።
- ኒዶስ ንዘቕረብካዮ ሕቶ ብዝምልከት ውሳነ ኣይህብን እዩ፣ ነዚ ዝውስን IND እዩ።

## ምጥርናፍ ስድራቤት ዝሓልፎም ሸውዓተ ደረጃታት

**ደረጃ 1**
ኣወንታዊ ውሳነ ተዋሂቡካ ኣሎ፣ እቲ ናትካ ናይ መንእሰያት ኣላዪ ናብ'ቲ ኣብ ምጥርናፍ ስድራቤት ዝተሓጋገዘካ ሰብ ከ መዝግበካ እዩ።

**ደረጃ 2**
ምስቲ ኣብ ምጥርናፍ ስድራ ቤት ዝተሓጋገዘካ ሰብ ቈጸራ ክትገብር ኢኻ፣ ብሓባር ኾይንኩም ድማ ኣድላዪ ሰነዳት ክትእክቡ ኢኹም።

**ደረጃ 3**
እቲ ኣብ ምጥርናፍ ስድራ ቤት ዝተሓጋገዘካ ሰብ ነቲ መሕተቲ ወረቐት ምስ ኩሎም እቶም ዝኣከብክሞም ሰነዳት ጌሩ ኪሰዶም እዩ።

**ደረጃ 4**
ኒዶስ ብዛዕባ ክፍሊት ምኽፋልን ብዛዕባ ቐንዲ ሰነዳት ምልኣኽን ብዝምልከት ካብ NID ደብዳበታት ክመጾ እዩ። ኒዶስ ነዚ ምሳኻ ብምኻን ከካይዶ እዩ። ብድሕሪኡ IND ንጉዳይካ ኽሳዕ ዝርእዮ ክንጽበ ኢና።

**ደረጃ 5**
IND ብዛዕባ'ቲ ዘቕረብካዮ ሕቶ ብዝምልከት ክራኸበካ እዩ፣ እቲ ኣብ ምጥርናፍ ስድራቤት ዝተሓጋገዘካ ሰብ ብዛዕባ ተወሰኽቲ ሰነዳትን ተወሳኺ ምርመራን ብዝምልከት ንምምይያጥ ምሳኻ ቈጸራ ኺገብር እዩ።

**ደረጃ 6**
IND ተቐቢልናካ (ኣወንታዊ) ወይ ኣይተቐበልናካን (ኣሉታዊ) ውሳነ ይልእኽ። እቲ ኣብ ምጥርናፍ ስድራ ቤት ዝተሓጋገዘካ ሰብ ነዚ ብዝምልከት እውን ምሳኻ ቈጸራ ክገብር እዩ።

**ደረጃ 7**
ስድራቤትካ ናብ ኔዘርላንድ ክመጹ ይኽእሉ እዮም (ኣወንታዊ ውሳነ) ወይ ከኣ ይግባይ ክትብል ትኽእል ኢኻ (ኣሉታዊ ውሳነ)።

**Vragen over deze brochure of over gezinshereniging?**

Neem dan contact op met jouw contactpersoon van gezinshereniging of met Nidos algemeen via 0885011200 of contact@nidos.nl

@Nidos / AUG 2023 / TIGR

NIDOS
jeugdbescherming voor vluchtelingen